# መምርሒታት
## BabySemp 2, BabySemp 2 Sensisoft Syrnet & BabySemp 2 SensiPro+

### PREPARATION

1. **ኣብ ማይክሮወይቭ፦** ኣብ ቺቾቶ ልክዕ ዓቐን ማይ ድሕሪ ምምላእ ልክዕ ቊጽሪ መጠን ሓርጭ ብመዓቀኒ ማንካ ወስኹሉ።
2. ነቲ ቺቾቶ ዓጺኹም እቲ ሓርጭ ክሳብ ዝሓቅቕ ኀጽጉጽዎ/ሓዋውስዎ።
3. ነቲ ቺቾቶ (ብዘይ መኽደንን ጫፍ ቺቾቶን) ብምሉእ ሓይሊ ንኣስታት 40 ካልኣት ኣውዕይዎ።
4. እቲ ሕዋስ ኣዚዩ ውዑይ ከይከውን ኣረጋግጹ። ቅድሚ ንውላድኩም ምሃብኩም ባዕልኹም ጥዓምዎ።
5. ምስ ተዳለወ ብሓድሹ ቀርብዎ። ዝተረፈ መግቢ ክዑቆር ኣይክእልን እዩ።

**ኣብ ድስቲ፦** ልክዕ ዓቐን ሓርጭን ዝሑል ማይን ኣብ ድስቲ ሓዊስኩም ድሕሪ ምብጽባጽኩም ክብላዕ ናብ ዝኽእል ሙቐት ኣውዕይዎ (ከባቢ 40 ዲግሪ ሰንቲግሬድ)።

*ናይ ምድላው ቪድዮና ንምርኣይ ነዚ ክይውኣር ኮድ ስኣልዎ!*

### ኣጠቓቕማ

ንመግቢ ውላድኩም ዝምልከት ምኽርን ሓገን ንምርካብ ምስ በዓል ሞያ ክንክን ጥዕና ቈልዑ ውላድኩም ተራኸቡ። BabySemp 2፡ BabySemp 2 SensiSoft Syrnet ከምኡ'ውን BabySemp 2 SensiPro+ ነቲ እናወሰኸ ዝኸይድ ዝተፈላለየ መግቢ ናይቲ ህጻን ከም መመላእታ ጥራይ ክወሃብ ኣለዎ።

BabySemp 2 SensiSoft Syrnet ከምኡ'ውን BabySemp 2 SensiPro+ ዝተሓተ መጠን ፒኤች (pH) ስለ ዘለዎ ኣብ ምድላው ነቲ ፕሮቲን የፍኩሶ እዩ። ስለ'ዚ እዩ እቲ ዝተዳለወ BabySemp 2 SensiSoft Syrnet ከምኡ'ውን BabySemp 2 SensiPro+ ቑሩብ እኽሊ ዘለዎ ዝመስል። እቲ ተወሳኺ መግቢ ዝበለጸ ንኽኸውን ብሓድሹ ተዳልዩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ሰዓት ክቐረብ ኣለዎ።

**ኣገዳሲ መተሓሳሰቢ ኣብ ምጥቃም BabySemp 2 SensiPro+**
BabySemp 2 SensiPro+ ኣብ ተዳልውሉ እዋን፡ ነቲ ሓርጭ ቅድሚ ምሕዋስኩም ነቲ ማይ ናብ 40 ዲግሪ ሰልስዩስ ክሳብ ዝዝሕል ክትገድፍዎ ኣገዳሲ እዩ። ካብኡ ንላዕሊ ሙቐት ንውጽኢት ናይ ንጡፍ ምርባሕ ባክተርያ፡ ላ. ሬውተሪ ፕሮተክቲስ®፡ የዳኽሞ እዩ።

**ሰሌዳ መግቢ፦**
ኵሎም ህጻናት ዝተፈላለየ መጠን ስለ ዝበልዑ እቲ ኣብ ሰሌዳ ዘሎ ብዝሒ ገምጋማዊ እዩ። ስለ ዝኾነ ድማ ከም መሓበሪ ጥራይ ክውሰድ ይግብኦ። ውላድኩም ከከም እቲ ዘድልዮ ንኣመጋግብኡ ባዕሉ ክቆጻጸሮ እዩ። ስለዚ እቲ ህጻን ክንደይን ክንደይ ግዜን ክምገብ ከም ዝደሊ ባዕሉ ክውስን ግድፍዎ። ነዚ ዝስዕብ መጠን ከም መምርሒ ተጠቂምኩም ነቲ ብዝሒ መግቢ ከተመዓራርይዎ ትኽእሉ ኢኹም፦ 2 ማንካ ሓርጭ ናብ 60 ሚ.ሊ. ማይ ምሕዋስ ብገምጋም 65 ሚ.ሊ. ዝተዳለወ ተወሳኺ መግቢ ይህብ።

| መግቢ ኣብ መዓልቲ | ማይ | ቊጽሪ መጠን ሓርጭ ብመዓቀኒ ማንካ | ብዝሒ ዝተዳለወ ተወሳኺ መግቢ |
|---|---|---|---|
| 1–4 | 180 ሚ.ሊ | 6 | ብገምጋም 200 ሚ.ሊ |
| 1–3 | 210 ሚ.ሊ | 7 | ብገምጋም 235 ሚ.ሊ |

**ኩሉ ግዜ ነቲ ተቐሪብልኩም ዘሎ መዓቀኒ ማንካ ተጠቀሙ!**

ምስቲ ብዝሒ ማይ ዝመጣጠን ልክዕ ዓቐን ሓርጭ ምጥቃም ኣገዳሲ እዩ።. ኣዚዩ ብዙሕ ሓርጭ ድርቀት ከስዕብ ይኽእል እዩ። ኣዚዩ ውሑድ ሓርጭ ድማ ውላድኩም እኹል ጸዓትን መኣዛን ንኸይረክብ ክገብር ይኽእል እዩ።



### ምኽሪ ንቕልጡፍ ምድላው

1. ዝሑል ማይ ኣፍልሑ።
2. ነቲ ዝፈልሓ ማይ ናብቲ ቺቾቶ ክሳብ ፍርቂ ናይቲ ዝደለ መጠን ምስ መላእኩሞ ነቲ ፈሊሑ ኣብ መዝሓሊ ዝዘሓለ ማይ ክሳብ ልክዕ ብዝሒ ዝበጽሕ ወስኽሉ። ልክዕ ቊጽሪ መጠን ሓርጭ ብመዓቀኒ ማንካ ናብቲ ቺቾቶ ወስኽሉ።
3. ነቲ ቺቾቶ ዓጺኹም እቲ ሓርጭ ክሳብ ዝሓቅቕ ኀጽጉጽዎ/ሓዋውስዎ።
4. ኣብ ውሽጢ ጉንቦ ኢድኩም ቁሩብ ብምፍሳስ እቲ ሕዋስ ኣዚዩ ውዑይ ከይከውን ኣረጋግጹ። ቅድሚ ንውላድኩም ምሃብኩም ኩሉ ግዜ ባዕልኹም ጥዓምዎ።

### ዝወድቀሉ ዕለት

ዝወድቀሉ ዕለት ኣብ ላዕለዋይ ክፋል ናይቲ መጠቕለሊ ተጻሒፉ ኣሎ። ሓንሳብ ዝተኸፍተ መጠቕለሊ ኣብ ውሽጢ 1 ወርሒ ክሃልኽ ኣለዎ። ብኽነት ንምንካይን ጣዕምን ብሉጽነትን ንምዕቃብን፡ በይቢሰምፕ ኣብ ክልተ መጠቕለሊ ተጠቕሊሉ ዝመጽእ ክይኑ ኣብ መካላኸሊ ኣብ ዘለዎ መትሓዚ ዝተመልኣ እዩ።

### መኽፈቲን ክዘናን

በቲ ጎኒ እቲ መዓሸጊ ዘሎ ነኳል ብምቕዳድ ክፈትዎ። ኣብቲ ዝዕጾ መኽደኒ ነቲ ማንካ መቐመጢ ዝኸውን ጽቡቕ ቦታ ኣሎ። ነቲ ሓርጭ ኩሉ ግዜ ኣብቲ ዝመጸሉ መጠቕለሊ ኣቐምጥዎ። ከምኡ'ውን ኣብ ድሩቕን ጸልማትን ካብ ንቡር ናይ ክፍሊ ሙቐት ንላዕሊ ኣብ ዘይብሉ ቦታን ኣቐምጥዎ።.

### መምርሒ መኽፈቲ

1. ኣብዚ ቅደድ
2. ግብራዊ መኽደኒ
3. መትሓዝ ማንካ

**ንዳግመ ምምስራሕ ምድርባይ**
ግዳማዊ ካርቶን ከም መዓሸጊ ወረቐት ንዳግመ ምምስራሕ ክድርበ ይኽእል እዩ። ውሽጣዊ መጠቕለሊን ማንካን ከም ፕላስቲክ ንዳግመ ምምስራሕ ክድርበ ይኽእል እዩ።

**ሰምበር መግቢ ህጻናት፡ ኣብ ልዕሊ 80 ዓመት ዝወሰደ መጽናዕቲ ጥዕናዊ ኣመጋግባ ዝተሞርኮሰ**
ሰምፐር ኣብ ሽወደን ብ1939 ከም ሓደ ንናእሽቱ ቈልዑ ኣብ ኣስተሓዳሲ መጽናዕቲ ዝተሞርኮሰ ጥዑይ መግቢ ዘማዕብል ትካል ኮይኑ ተመስሪቱ። ኣብዞም ዝሓለፉ ዓመታት እቲ ኣሰራርሓ መግቢ ኩሉ ግዜ ምስ ፍሉጣት ተመራመርቲ ሕክምናን ኣመጋግባ ህጻናትን ብቐረባ ብምትሕብባር ብቐጻሊ ተመሓይሹ እዩ።

**ሓደ ፍሉይ ኣሰራርሓ መግቢ ብስብሒ ጸባ**
BabySemp 2 ሓደ ፍሉይ ምትሕውዋስ ናይ ስብሒ ጸባን ካልኦት ብጥንቃቐ ዝተመርጹ ቀመማትን እዩ። ኣብ ስብሒ ጸባ ዝርከብ "ኤም ኤፍ ጂ ኤም (MFGM)" ዝብሃል ሽፋን ፎስፎ-ሊፒድስ፡ ጋንግልዮሳይዲስን ግልይኮፕሮቲንን ይህብ። ኣብ ርእሲ ትሕዝቶ እቲ ጁላሕ ዝቕብኡ ስቡሕ ኣቺዶታት ዲኤችኣ፡ ኣኤልኣ፡ኣኤርኣን ኤልኣን፡ እቲ ፍሉይ መግቢ ጽሕጎ ጂኦኤስ፡ BabySemp 2 ብሓጺን፡ ቪታሚን ዲ፡ ኣዮዲንን ካልስዩምን ዝሃብተመ እዩ።

- **ሓጺን ኣብ ናይ ቈልዑ ኣብ ንቡር ልብወታዊ ምዕባለን ምስትውዓልን ኣበርክቶ ኣለዎ።**
- **ቪታሚን ዲ ንንቡር ተግባራት ስርዓተ ምክልኻል ይድግፍ።**
- **ኣዮዲን ንቡር ዕብየት የደንፍዕ**
- **ካልስዩምን ቪታሚን ዲ ንንቡር ንምዕባለ ኣዕጽምቲ ኣገደስቲ እዮምt**



**ሕቶታትን ርእይቶን ኣለኩም ድዩ?**
Semper Danmark • 80 60 74 00
info@semper.dk • www.semper.dk/bornemad

Juli 2024